ደናቁር እኳ ኣይኮናን ኣለና ኣእምሮ”ጠቢብ ብፈታዊኡ ይጅምር”ዕባይ ኣስመራ ዶክተር ገላውዴዎስ ኣርኣያ”ንታሪኽ ጠምዚዙ ዝነግር”ንስለ ዓባይ ትግራይ ከምህር”ኤርትራዊ ምሁር”ኣብ ነበረ ያ ነበረ ይነብር” ተንቤናይ ደጊሙ”ንህዝቢ ኤርትራ ኣዳኺሙ”ሐደ ህዝቢ ኢና እንዳበለ”ንኢትዮጵያዊያን ዓደሙ”

ቅድሚ መግዛእቲ ጥልያን”ዶብና ንጹርዩ ኤርትራዊያን”ይነፍስ ኣሎ ናይ ሐድነት ትንሳኤ”ኤርትራዊ ጥርናፈ ኣብ ባይታ ክረኤ”ዉሕ ዉሕ ኣላሙድኒ ገዛ ክሕሉ በለት ድሙ”ኤሊት ኢትዮጵያ እንታይ ይሐልሙ”ንኤርትራዊያን ኣንበርኪኹም ምስ ኣዳኸሙ”ንቀይሕ ባሕሪና ክጎብጡ ኪቃዳደሙ”

ን30 ዓመት ለይትን መዓልትን”ህግደፍ ንህዝብና ኣዳኺሙ” ኣይከሰርናን ዝበለ ጉጅለ”መስሐቕ ሽራፋ ገሩና እነሆለ”ፍትሒ ክነግስ ኣብ ኤርትራ”ብዘረባ ኣይፈርሱን ጭፍራ” ኣቦይ ጽንሑ ኣነ ክዛረብ ገኒኑ”ንፋስ ኣትዩና ምትእምማን ተሳኢኑ” ራኢ ኤርትራዊያን ከም ትኪ በኒኑ”ሐደ ጅግና መድሕን ሲኢኑ” ህዝቢ ኤርትራ ሰላም ሐሪምዎ ተባታቲኑ”

ብዙሐት እዮም ንኢትዮጵያ ኢድ ዝነስኡ”ንነጻነት ኤርትራ ዝተጻቦኡ”ድሕሪ ነጻነት”ህዝቢ ኤርትራ ኣይረኸበን ጻሙኡ” ደርጊ ብህግደፍ ተተኪኡ”ብቆጺሊ ከይወቀቐ ሎኽመኛ”ን30 ዓመት ደም ንነብዕ ኣለና”ግን ከ ሰብ ሕልና ኣለዋና ኣለዉና”

ክበልዕዋ ዝደለዩ ኣባጉንባሕ ዛግራ ይብልዋ”ንኤርትራ ንጥልያን ሃጺይ የውሃንስ ሸይጥዋ”ብሐገዝ እንግሊዝ ንኤርትራ ወሪሮምዋ”ቅድሚ ነጻነት ን30 ዓመት”ብናይ ኤርትራዊያን ዕሸነት”ድሕሪ ነጻነት ን30 ዓመት”ብድምር ን60 ዓመት” መምስ ጸንከረካ የሕዋት ኢና”ብውሳይ ጸኒቱ ህዝብና”ሕጂ ኸ እንታይ ክትደግሙና”ንኤርትራ ደቀባታ እዮም ካብ ህግደፍ ሐራ ዝገብርዋ”ደቂ የውሃንስን ኣሉላን”ንኤርትራ ሕጂስ ቅበጽዋ”

*ኣይረሳዕናን ነቶም ኤርትራ ንኤርትራውያን ኢሎም ዝወደቑ ዝወደቑ”ኣይኮናን ሕልንኦም ዝጸንቀቕቑ”ከምቶም ዘይታሪኾም ዘጻባብቑ”ሽግር ኤርትራውያን ብኤርትራውያን ከይፍታሕ” ፈተውቲ ተመሲሎም”ከሊኦምና ምስራሕ”ብኤርትራውያን ህግደፍ ምስ በሉ ፋሕ’ሐወልቲ ፑሽከን ኣይኮነን ጽባሕ”ኣብ ርእሲ ከተማ ኤርትራ”ሐወልቲ ሰማእታትና ደሚቑ ልረኤ” ከም ኮኾብ ጽባሕ”*

*ሹዑ ከምቲ ፈስታቫል”ናይ ፖሎኛ ካስል”ኣብቲ ዓቢ ጎልጎል”ናይ ኣስመራ ኤክስፖ”ስልጣን ኤርትራዊ ውደባት ምስ ተረከቦ”ካብ ሩሑቕ ቀረባን ፈታዊ ህዝቢ ኤርትራ ክእከቦ”ፍትሒ ነጊሱ ሰሓቕን ምድንፋቕን ክስፍኖ ዓደቦ”እዚዩ ትምኒትና ብዓንቶቦ።*

*ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤትራ” ክብርን ምጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና”ስዕረት ንጃንዳ ህግደፍ ዓንገልቶምን” ብኣባል ተጋድሎ ሐርነት ኤርትራ” በርሀ ዑቕባዝጊ ካብ ሃገር ጀርመን 10 11 2021።*